# ኣታዊኡ ንምንባይ ስደራ ቤት ዝውዕል በዓል

ኣብ ከተማ ክረፈልድ ከምቲ ልሙድ ኣብ ክክለተ ዓመት ዝካየድ ኣታዊኡ ንምንባይ ስደራ ቤት ስዉኣት ዝውዕል በዓል ብዕለት 30.06.2012 ብማሕበረ ሰብ ክረፈልድን ከባቢኣን ተኻይዱ።

ኣብዚ በዓል አዚ ብረክት ዝበሉ አጋይሽ ካብ ኩሉ ከተማታት ናይ ኖርድራይን ቨስትፋለን ተሳቲፎም ዊዒሎም።

ኣቐራቢት በዓል ኮሚቴ መደብ በዓል ብዝክረ ሰማእታት ድሕሪ ምኽፋት ኣቦ ወንበር ማሕበረ ሰብ ክረፈልድ እንቋዕ ናይ ደሓን መጻእኹም መልእኽቱ አመሓላሊፉ።

አዚ *ሓድነትና ወሕስነት ህላዌና ኢያ*! ብዝብል ጭርሖ ዘተሰነየ በዓል ብድምጻዊ ኣቶ የውሓንስ መብራህቱ ኣጋይሽ ብዉዕ ዉዕ ሙዚቃ ተሓጊሶም ኣምስዮም።

ንዝኽሪ ስዉኣትና ዝምልከት ግጥሚ ምስ ተነበ ኣቶ ኣንጎሶም ኢሳቕ ድማ ዋዛ ምስ ቁም ነገር ዘሓዘለ ንስውኣትና ዘዘኻኽር መልእክቲ አመሓላሊፉ።

ዓወት ንሓፋሽ
ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና!

ማሕበረ ሰብ ክረፈልድን ከባቢኣን